
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.24 | ሰንበት 28 መስከረም 2025 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና


ገጽ 3


ገጽ 5

ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ

ገጽ 7
ቱሪዝም ንዘላቒ ለውጢ


ገጽ 8
ሓሪና፡ ሻምፕዮን ፍርቂ ማራቶን ሓይልታት ምክልኻል ኪይና



# በዓል መስቀል፡ ኣብ መላእ ሃገር ብኽብ ዝበለ መዓርግ ተኸቢሩ


ስኣሊ-ኣበል በረኸት





በዓል መስቀል፡ ትማሊ 17 መስከረም 2018 ግእዝ ማለት 27 መስከረም 2025 ዓመተ ምህረት፡ ኣብ መላእ ሃገር ብኽብ ዝበለ መዓርግ ተኸቢሩ።

ካብ ሰዓት 7፡00 ንግሆ ኣብ ኣስመራ - ሜዳ ባሕቲ መስከረም ኣብ ዝተኻየደ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ብጹኣን ኣቦታት ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን ኣባላት ቅዱስ ሲኖዶስ፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርዎም ዲፕሎማስያውያን ኣባላት ኣብ ልዕሊ ዝተረኽቡ ... ሓይማኖትን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ምእመናንን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ብጹእ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማይ - 6ይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ መኽፈቲ ጸሎት ምስ ሃቡ፡ ውዳሰ ማርያም ተዓዲሉን ብሰብ ተራ ሰባኪያን ስርዓት ቅዳሴ በጺሖን።

ብመራሕነት ደብረ ቅድስት ስላሴ ዕዳጋ ሓሙስን ተቐባልነት ደብረ ጺሓይ ኣቡነ ተክለሃይማኖት ሓዝሓዝን መካነ ሰማእት ቅዱስ ጊዮርጊስ ቲራቮሎን ምስልጣን ምስ ተመርሐ፡ ዝተመደበ መዝሙራን ሰብ ተራ ኣደባራትን ሊቃውንትን ኣሹበሽቦም፡ መንእሰያት ትምህርቲ ሰንበት ድማ ነቲ በዓል ዘንጸብርቕ መንፈሳዊ ምርኢት ኣቕሪቦም።

ሓላፊ ስብከት ወንጌል መምህር ስምኦን በየነ ንትርጉም በዓል መስቀል ብዝምልከት ኣብ ዝሃብዎ፡ ሃይማኖታውን ሃገራውን ክብርታት ዝሓዘለ ኣስተምህሮ፡ "ሃይማኖታዊ በዓላትና፡ ሓድነትን ሰላምን እንመሃረሉምን ክብርታትና እንገልጸሉምን መኽሰብና'የም" ድሕሪ ምባል፡ ሰለዚ ትዕቢትን ዘይናትካ ምድላይን ኣወጊድና፡ ብፍቕርናን ብምንእትናን ክንሕብሮን ክብርታትና ክንዕቅብን ብምልባው፡ በዓላትና ብሓገሰን ብትብዓትን ክንበዓል ዝኽእሉና ሰማእታት "ክብርን ምስጋናን ይኹኖም" ኢሎም።

ኣብ መወዳእታ ምህላላ ድሕሪ ምብጻሕ፡ ብጹእ ኣቡነ ባስልዮስ ቀዳማይ - 6ይ ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ-ክርስትያን ኤርትራ፡ ብብጹኣን ሊቃነ ጳጳሳትን ጳጳሳትን መራሕቲ ሃይማኖትን ተሰንዮም ንዳመራ ብኣርባዕተ መኣዝን ባርኾም ሽግ ብምብራህ ንዋና ኣካየዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን ኣቐበልዎም ዳመራ ምስ ተወልዐ፡ እቲ በዓል ብበረከን ጸሎትን ተፈጺሙ።

# ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ንርእይቶን መርገጺን ኤርትራ ዘነጽር መደረታት ኣሰሚዑ


ኣብ ኣኼባ ትሕቲ ደረጃ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት


ኣኼባ መሓዙት ቻርተር UN

ኣብ ኒውዮርክ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝርከብ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ዝምራሕ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ፡ ጎኒ-ጎኒ መበል 80 ኣኼባ ሓፈሻዊ ባይቶ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝቃንዕ ዘሎ ዝተፈላለየ መድረኻትን ኣኼባታትን፡ ንርእይቶን መርገጽን ኤርትራ ኣብ ዝተላዕለ ዛዕባታት ዘጸር መደረታት ኣሰሚዑ።

እቲ ልኡኽ ብ25ን 26ን መስከረም፡ ኣብ 7ይ ኣኼባ ሚኒስተራት ጉጅለ መሓዙት ምክልኻል ቻርተር ሕቡራት ሃገራት፣ መበል 24 ዓመታዊ ኣኼባ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ናይ ባሕሪ በሪ ዘይብለን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፣ ዓመታዊ ኣኼባ ሚኒስተራት ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት፣ ላዕለዋይ ርክብ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ኒኩሌራዊ ኣጽዋር፣ ከምኡ'ውን ኣብ 4ይ ላዕለዋይ ርክብ ሓፈሻዊ ባይቶ ንምግታእን ምቍጽጻርን ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማትን ካልእ ጥዕናዊ ብድሆታትን ተሳቲፉ።

ሚኒስተር ዑስማን ኣብ 7ይ ኣኼባ ሚኒስተራት ጉጅለ መሓዙት ምክልኻል ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ እቲ ኣኼባ - ዓለማዊ ስርዓት ኣብ ኣገዳሲ ወሳኒ ናይ ለውጢ ማስርሕ ኣብ ዘለወሉ እዋን ይካየድ ምህላዉ ጠቒሱ፡ ብሕጊ እትግዛእ ከምኡ'ውን ንናጽነታ፡ ልኡላውነታን ፖለቲካዊ ሓርነታን ሪዚን ዋጋ ዝኸፈለት ኤርትራ፡ ንመትከላት ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ብጽኑዕ ከምእተኽብር ብምጥቃስ፡ ጂኦፖለቲካዊ ረብሓታት ንምስማር ተባሂሉ ዚ. መትከላት'ዚ ብምጥሓስ ንዘየገበር ዓንዳሪ ኣካይዳታት ኣበርቲዓ ከምእትቃወሞ ገሊጹ።

ኣብ መበል 24 ዓመታዊ ኣኼባ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ናይ ባሕሪ በሪ ዘይብለን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ድማ፡ ኤርትራ ነዊሕ ገማግም ባሕሪ እትውንን ልኡላዊት ሃገር ከምዝኾነት፣ ወደባታ ድማ ሃገራዊ ንዋይ ከምዝኾኑ ዝሓበረ ሚኒስተር ዑስማን፡ ንንግዳዊ ይኹን ሎጂስቲካዊ ኣገልግሎት ናይ ምውዓል ማስርሕ፡ ኣብ መንጎኣን እቲ ደላዪ ወገንን ብዝገበር ቀጥታዊ ዝርርብ ከምዝውሰን፡ ብናይ ወጻኢ ሓይልታት ዝገበር መንገኝነት ድማ ሕጋዊ ይኹን ፖለቲካዊ ባይታ ከምዘይብሉ ኣጺሩ።

ሚኒስተር ዑስማን ወሲኹ፡ ኤርትራ - ልኡላውነታ ዝምልከት ግዳማዊ ምትእትታው ከምእትነጽግ፡ ንፍትሓውን ምዕሩይን ንግዳዊ ሽርክነት ድማ ክፍትቲ ምኳና ብምሕባር፡ ወደባታ ንሕጋዊ ንግዳዊ ንጥፈታት ርሕዋት ምኳነን ኣረጋጊጹ።

ንዓመታዊ ኣኼባ ሚኒስተራት ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ሚኒስተር ዑስማን፡ ንኤርትራ ዝገጥም ዘሎ ቀንዲ ብድሆታት፡ ካብ ታሪኽ መግዛእታዊ ምዝመዛ ከምኡ'ውን ናጽነትን ልኡላውነትን ንምርግጋጽ ዝተኻየደ ነዊሕ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝምንጨ ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ ልምዓታዊ ኪሳራ ብዮጉዳማይ ስግኣታት ክዕንቀጽ ምጽንሑ፣ ዘይሕጋዊ ኣሃዳዊ እገዳታት ንቐጠባኣ ከምዝኾነ፡ ተደጋጋሚ ተግባራት ትንኮሳን ተጻብኦ ፖለሲታትን ድማ ነቲ ዝርኣቡ ጸገማት ካብ ቀንዲ ልምዓታዊ መደባታ ናብ ምክልኻል ልኡላውነታ፡ ግዝኣታዊ ሓድነታን ህላወኣን ክተቐንዕ ከምዘገደዳ ኣገንዚቡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ሚኒስተር ዑስማን ሳልሕ፡ ንተሳተፍቲ ላዕለዋይ ርክብ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ኒኩሌራዊ ኣጽዋር፡ ርእይቶን መርገጽን ኤርትራ ኣብ'ዚ ዛዕባ ንዓለምና ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደገኛነት ኒኩሌራዊ ኣጽዋርን ብምጥቃስ፡ ምምዕባል ኒኩሌራዊ ኣጽዋር ንምድራትን በብመድረኹ ንምውጋድን ዝተኸተመ ውዕላት እናተዳኸመ ክመጽእ ምርኣይ ዘሕዝን ምኳኑ ገሊጹ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣህጉራውያን ውድባት ወ/ሮ ኤልሳ ሃይሉ፡ ኣብ 4ይ ላዕለዋይ ርክብ ሓፈሻዊ ባይቶ ንምግታእን ምቍጽጻርን ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማትን ብድሆታት ሕማማት ኣእምሮን ብምስታፍ፡ ኤርትራ እትኽተሎ ፖሊሲ ጥዕናን ዝዘርግሓቶ ስርዓት ጥዕናን፡ ኣመዝጊቡቶ ዘሎ ኸስጋትን ዘለዋ ብድሆታትን ድሕሪ ምግላጽ፡ ጉዳይ ምግታእን ምቍጽጻርን ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማትን ብድሆታት ሕማማት ኣእምሮን ኣህጉራዊ መልክዕ ስለዘለዎ፡ ዝወዓለ ግብረ-መልሲ ንክውንን ናይ ፍሉጣት ሃገር ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ከምዘለዎ ኣስሚራትሉ።

ዜና

# ኣባላት ስታፍ ሎጅስቲክ ስንቂ ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ደም ለጊሶም


ስእሊ: ፍጹምቲ መስፍን

ኣባላት ስታፍ ሎጅስቲክ ስንቂ ሚኒስትሪ ምክልኻልን ጨናፍሩን፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን ብ25 መስከረም 79 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ መደብ ሜጀር ሙሴ ጉብረትንሳኤ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ልግሲ ደም - ምድሓን ህይወት ስለ ዝኾነ ኑቲ ተበግሶ ከም ዝወሰዱ ብምጥቃስ፡ ዚ ንመጀመርያ እዋን ብጥርኑፍ ዝተኻየደ መደብ ከውን ንምግባር ንዝወደቡ ኣባላት መጉሱ።

ለገስቲ ብወገኖም፡ ብዝተዓቀ ደም ዘይትተካእ ህይወት ምድሓን ዕግበት ዝፈጥር ሰናይ ተግባር ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣብ መጻኢ'ውን ከም ዝቕጽልዎ ገሊጾም።

ኣብ ሃገራዊ ባንክ ደም ሓላፊ ኣገልግሎት ልግሲ ደም ኣቶ መሓሪ ኣብርሃምን ነርስ ዱንያ ዓብደረዛቕን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ዜጋታት - ወለንታዊ ልግሲ ደም ኪኖ'ቲ ኣብ ህይወቶም ዝፈጥሮ ዕግበት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዎ ረብሓታት ብምግንዛብ ክደፍኣሉ ኣዘኻኺሮም።

ኣብ ውሽጢ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ልዕሊ 3,700 ከረጺት ደም ከም እተለገሰ ብዘውሳኺ ሓቢሮም።

# ኣብ ለዓይተን፡ ንጥፈታት ምግራብ ጽቡቕ ውጽኢት ይርከቦ ከምዘሎ ተሓቢሩ


ስእሊ: ኢብራሂም ነፋዕ

ኣመሓዳሪ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ሳልሕ ስሌማን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ 2024 ኣብ ክልተ እብረ ብኮም ዝተተኽለ 30 ሽሕ ኣግራብ ቀላሚጦስ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከም ዝርከብ ብምጥቃስ፡ ነበርቲ ንረብሓታቱ ተገንዚቦም ዝቕጽልዎ ዘለዉ ዕዮ፡ ኣብ ምርጋእ ኣከባብን ሓመድን ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣቶ ሳልሕ ቀጺሉ፡ 40 ሽሕ ተወሳኺ ኣግራብ ንምትካል፡ ኑቲ ወፈራታት ብዝሓየለ ውዳበ ክቕጽልዎ ምዃኖም ሓቢሮም።

ነበርቲ ብወገኖም፡ ኣብ'ቲ ብውሕጅ ክብሕገግ ዝጸንሐ መሬት ዘካየድዎ ስሩዕ ወፈራዊ ማእቶት ከቢድ ጻዕሪ፡ እንተ ሓተተየም፡ ጸዲቑን ሰሲኑን ምርኣዮም ከም ዘሐጎሶም ብምግላጽ፡ ኑቲ ማይን ሓመድን ንምዕቃብ፡ ምግራብ፡ ምፍዋስ ማይ ኩዖታትን ምጽጋን ጽርግያታትን ዘካይድዎ ዘለዉ ልምዓታዊ መደባት፡ ብዝሰፍሐ መልክዑ ከም ዝቕጽል ኣረጋጊጾም።

ምምሕዳር ከባቢ ለዓይተን፡ ሓንቲ ካብ 17 ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኮይና፡ 460 ነበርቲ ኣለውዋ።

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ለዓይተን - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ብዘበግሶኦም ዘካይድዎ ዘለዉ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብሓፈሻ፡ ንጥፈታት ምግራብ ድማ ብፍላይ፡ ውጽኢታዊ ከም ዝኾነ ገሊጾም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፉኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


# ንጽጉማት ተመሃሮ ናውቲ ትምህርቲ ብሓገዝ ተዓዲሉ



ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ፡ ን140 ጽጉማት ተመሃሮ ናይ ናውቲ ትምህርቲ ሓገዝ ገይሩ።

እቶም ካብ 14 ምምሕዳራት ከባቢ ብምምሕዳራት ዝተለለዩ ተመሃሮ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ንመማሃሪ ዝኸውን ምሉእ ናውቲ'የም ተዓዲሎም።

እዚ ከምዝሉ እንከሎ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ብምትሕብባር ምምሕዳርን መማህራንን ንዝተለለዩ 250 ጽጉማት ተመሃሮ፡ ንዓመት ዘምህርም ናውቲ ትምህርቲ ብሓገዝ ዓዲሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ን45 ብምምሕዳራት ዝተለልያ ጽጉማት ስድራቤታት መግቢ ኣድሓኑት፣ ንኽልኦት ወገናት ድማ ኣልባሳት ከምዝዓደለ ተሓቢሩ።

ብኻልእ ወገኑ፡ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ማእከል፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጸጸራት ንዝኾብሩ 110 ደቂ-ሰውኣትን ጽጉማት ወገናትን ናውቲ ትምህርቲ ብሓገዝ ሂቡ።

ዕላማዚ ብቐጻሊ ብመንግስቲ ዝትግበር ሓገዛት፡ ተመሃሮ ብሸግሪ ማሕበራውን ቁጠባውን ጸገማት ካብ መኣዲ ትምህርቲ ከይሰናኸሉ ኮይኑ፡ ወለድን ኣሊይትን ዚ ዝግበር ዘሎ ሓገዝ ብግቡእ ተረዲኦም፡ ኣብ ቤት-ትምህርትን ኣብ ገዛን ንደቆም ብግቡእ ክከታተሉ፡ ኑቲ ደገፍ ዝሃቡ ሓለፍቲ ኣዘኻኺሮም።

# ኣብ ቈሓይቶ ዝተሃንጸ ሓድሽ መጸበዪ ነፍሰ-ጾራት፡ ተመሪቑ

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ጥዕና ነፍሰ-ጾራት ንምሕላው ብምትሕብባር ኮሚተ ጥዕናን ሚኒስትሪ ጥዕናን ኣብ ቀጽሪ መደበር ጥዕና ቈሓይቶ ዝተሃንጸ ሓድሽ መጸበዪ ነፍሰ-ጾራት፡ ተመሪቑ።

እቲ ክልተ ክፍልታት ዘጠቓልልን ድሮ ኣገልግሎት ጀሚሩ ዘሎን መጸበዪ ነፍሰ-ጾራት፡ 20 ዓራውቲ ኣለዎ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ ወልደኣብ ገብረእግዚኣብሄር ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ክንክን ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ውሑስ ክኸውን፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ዝሰርሖ ዘሎ ዓቢ መደብ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ምውዳድ መጸበዪ ነፍሰ-ጾራት ኣካል ናቱ ከምዝኾነ ገሊጹን ህዝቢ ንዝገበሮ ኣበርክቶ ኣመስጊኑን።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ድማ፡ ተሃኒጹ ዘሎ ትካል ቀጻልነቱ ንኽውሓስ፡ ጽፈት ኣተሓሕዛን ናብዮትን ክግበረሉ ናይ ኩሉ ሓላፍነት ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።

# ኣካባብራ በዓል መስቀል ኣብ ኣስመራ















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ-ኣቤል በረኸት



ኣከባቢ

ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# መሰል ተጠቃምነት ሕርሻ እንታይ እዩ

ዓምዲ ኣከባቢ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን፡ ንምሕደራ ጸጋ ማይ፡ መሬት፡ ጕሓፍ፡ ተጠቃምነት ፕላስቲክ፡ ካዲስተር፡ ወዘተ. ኣብ በበይኑ እዋን ዘወጾኦን ከምኡ ድማ ተመሓይሾም ዝተደንገጉን ኣዋጃት ክትእንግድ ጸኒሓን ኣላ። ንሎሚ ድማ "ኣብ ኣዋጅ ምሕደራ መሬት፡ መሰል ተጠቃምነት ሕርሻ እንታይ ይመስል?" ዘጸር ሕብረተሰብና ክፈልጦ ኣለዎ ዝበል፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ዋና ኣካያዲ ስራሕ ክፍሊ. መሬት፡ ኣቶ ጺጋይ ተኣምራት ዝሰደደልና ጽሑፍ ይስዕብ፦

ቅድሚ ብዝዕባ ትርጉም መሰል ተጠቃምነት መሬት ምዝራብና ግን፡ "እዚ መሰል'ዚ ኣብ ሕብረተሰብና ከመይ ኢሉ መጺኡ? ዝብል ምምላስ ኣገዳሲ. እዩ።

መሬት መሰረት ህይወት እዩ። ኣብ ዓለም ኣብ ልዕሊ. መሬት ኩነ ትሕቲ መሬት ዝርከብ ጸጋታት (ማዕድናት፡ ማይ፡ ኣግራብ፡ ኣዝርእቲ፡ እንስሳታት፡ ወዘተ.) ኩሉ ኣብ መሬት ተሓቚፉ ደርከቡ። ደቂ-ሰብ ድማ፡ ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ከም ኩሉ ህይወት ዘለዎ ፍጡር ናይዚ ዓለም፡ ንኽነብር ደምዝብን ጸምኡ የርውን። ዝሓሰበ ሓንጕል ስለ ዘለዎ ድማ፡ ዕርቃኑ ይሽፍን።

ሰብ ኣብ መጀመርታ ደረጃ ምዕባለኡ ነቲ ዝምገቦ ብዘድንን ምምእራር ፍረታትን ንዘስተዮ ድማ ኣብ ሩባታት ብዘረኽቦ ማይ ኣብሉ ርወየት ይረኽብ ነበረ። ድሒሩ ግን፡ ኣብ ሓደ ቦታ ብቐዋሚ ክነብር ስለ ዝጀመረ፡ ዝበኣዕ እኽሊ. ብሕርሻ እናፍረየ፡ ብዘቖለለን ብዝሓሸን ኣገባብ ክረኽቦ ከኣለ። ምስ ግዜ ድማ፡ ኣገዳስነት ናይ ዝሕረስ መሬት እናዓበየ ስለ ዝመጸ ብሓደ ወገን ብዝሒ. ህዝቢ. ቀስ ብቐስ እናወሰኸ ምምጽኡ ድማ በቲ ኻልእ፡ ጸቕጢ. ኣብ ልዕሊ. መሬት ክዓቢ. ጀመረ። ስለዚ. ሰብ ምስቲ ካልእ ምዕባለኡ፡ ንምሕደራ መሬት እውን መልክዕ ንምትሓዝ ኣገባባት ኣተኣታተወ።

ኣብ ሃገርና ኣብ'ቲ ልምዳዊ ስርዓት-ትሕዛ መሬት - ኣብ ከበሳታት ዴሳ፡ ርስቲ፡ ኳሕማሕጺ ወዘተ ኣብ መታሕት ደምንያሉ ኣብ ብዝሒ ናራን ኩናማን ድማ ሎማናሞቢታን ኣጅታ ሊጋን ወዘተ. ዝበሃሉ ስርዓታት ትሕዛ መሬት ነበሩ። እዞም ዝተጠቐሱ ስርዓታት ትሕዛ መሬት፡ ኣብ ግዜኦም ኣሰራሪሖምን ኣሰጋጊሮምን'ኳ እንተኾኑ፡ ሓደ ሓደ ሃጓፋት ነበሮም። ደርግ'ውን 31/67 ኢሉ ዘውጽኦ ኣዋጅ መሬት፡ ብዙሕ ኣብ ውሱን ከበባታት ንሱ'ውን ምስ ጸገማቱ ኣብ ኤርትራ ክተግበሮ ኣይከኣለን። ዝ. ንምስትኽኻል መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብ 1994 ንምሕደራ መሬት ዘማዕርየን ንዝጸንሐ ሃጓፋት ዝኣርምን ኣዋጅ መሬት 58/94 ኣውጺኡ።

ኣብ ስርዓት-ትሕዛ መሬት ዴሳ መሬት ሕርሻ፡ ንዝኣማስሉ ደቂ ዓዲ ዝውሃብ'ዩ። የግዳስ ኩሉ ሻብ ሓደስቲ ሰብ መሰል ስለ ዝህልዉ፡ መሬት ብቐጻሊ. ይመቓቐል ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 7 ዓመት ዋሬዳ ስለ ዝግበር፡ ንወፍሪ ኣተባባዒ. ኣይኮነን። ኣብ ስርዓት-ትሕዛ መሬት ርስቲ'ውን፡ መሬት ብዓይ ቤትን እንዳን ስለ ዝመሓደር፡ ኩሉ ግዜ ሓደስቲ ተጠቀምቲ ምስ ተቐልቀሉ እዮም። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ካብቲ ናይ ዴሳ ብዘይፍለ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣለዎ። ኣብቲ 'ብሎማናሞ ኪታን ኣጅታ ሊጋን' ዝመሓደር ምዕራባዊ መታሕት፡ ኣብቲ ቀደም ግዜ ስፍሓት መሬት ምስ ብዝሒ. ህዝቢ. ብምንጽጻር ክርአ እንከሎ ጸቢብ መሬት ስለ ዘይነበረ፡ መሬት ዝሰረቱ ምስሕሓብ ከም ተርእዮ ኣይነበረን። ይኹን'ምበር፡ ውሕሉል ምሕደራ ግን ይጕድሎ ነበረ። ከም ወጽኢቱ ድማ፡ ናብ ብሕንጎ ሓመድን ምድካይን መሬት ዘቃልዕ ተርእዮታት ደርኣ ነበረ።

እዞም ከም ኣብነት ዝጠቐስናዮም ስርዓት-ትሕዛ መሬት፡ ሓፈሻዊ ስእሊ. ንምሃብ ዝዓለመ ሓጺር መግለጺ. ንምሃብ'ምበር፡ ንዘበሩ ስርዓታት-ትሕዛ መሬት ምትንታን ኣይኮነን። ምትንታኖም ዝደለናሉ ምኽንያት ድማ፡ ድሕሪ ባይታ ናይ ኣርእስትና ገይርና ክንርእዮ ኣገዳሲ. ስለ ዝኾነ ካብ ዝብል'ዩ።

ልዕል ኢሉ ከም ዝተጠቕሰ፡ መሬት ከም መሰረት ህይወትን ልምዓትን መጠን፡ ምሕደራኡ ክውሕልል ስለ ዝግባእ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣዋጅ መሬት 58/94 ኣውጺኡ። ኣብዚ ኣዋጅ ካብ ዘለዉ ሰለስተ ዓበይቲ ነጥብታት፡ እቲ ቀዳማይ፡ ዝሊጋታት፡ ዓሌት፡ ሃይማኖት፡ ብሄር፡ ወዘተ. ብዘየገድስ፡ ማዕረ መሰል ናይ ተጠቃምነት ኣብ መሬት ምውሓስ'ዩ። እቲ ኻልኣይ፡ ዝ. መሰል ተጠቃምነት ግብራዊ ንምግባር ህልዊ ዶብ ዓድታት ፍሩስ ብምግባር፡ ኣብ መንጎ ዓድታት ዘሎ ግርጭት ይፈትሕ ጥራይ ዘይኮነ ድማ፡ መንግስቲ ከም ኣድላይነቱ ሓደስቲ ዓድታት ክድኩን ዘኽእል'ዩ። በዚ. መንፈስ ክርአ ከሎ ድማ፡ ኤርትራ ዝሊጋታታ ዓዶም (ዶብ ዓዲ ስለ ዘየለ) ከም'ኡ'ውን፡ ሃገሮም ትኸውን ኣላ ክበሃል ይከኣል። እቲ ሳልሳይ፡ ነቶም ኣብ ዓድታት ዝነብሩን ኣብ መሬት ሕርሻ ዝተሰረተ ቀጠባ ዘለዎምን ሓረስቶት፡ ብህይወት ክሳብ ዘለዉ መሰል ተጠቃምነት ሕርሻ ምሃብ ዝብል'ዩ። መሬት ውሱን ስፍሓት ዘለዎ፡ ከም ድሌትካ ኩተስፍሖ ዘይትኽእል፡ ብኣንጻሩ ጥንቑቕ ኣታሕዛ ምስ ዘጕድሎ ዝብሕጐማን ዝደኸን ባህርያዊ ሃብቲ ስለ ዝኾነ ግዱ፡ ውሕሉል ኣታሕዛ መሬት እቲ እኹል ኣማራጺ'ዩ። ዝ. ግብራዊ ንምምሕዳር ካብ ዝደፍኡ ሓደ ድማ፡ ዝጠቅም ዝሕረስ መሬት፡ ሰብ ብህይወት ክሳብ ዘሎ ክጥቀመሉ ምፍቃድ እዩ።

ብምሕረስ ኣብ ዝናበር ሕብረተሰብ፡ ውሑስና መሰል ተጠቃምነት መሬት ሓደ ካብ ኣገደስቲ ኣዕኑድ ወፍሪ እዩ። ኣዋጅ መሬት ዝ. ዝተረኸበ ውሑስና፡ ንተጠቃማይ ኣብ ክንዲ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት መሬት ምምራሕ፡ ኣብ ሓደ ቦታ ጥራይ ብምሃብ፡ ንዘዋዝር ወፍሪ ከም ዝትርንዕ ገይሩ ኣሎ። ኣብ ልምዳዊ ስርዓት-ትሕዛ መሬት፡ ሓደ ሓረስታይ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ፋሕ ኣብ ዝበሉ ግራውቲ ክሕረስ ኣብ ዝንቀሳቐሰሉ፡ ሓደ ሰሶ ናይ ግዜኡ፡ ጉልበቱን ርእሱማሉን ኣብ ምንዕዓዝ ከም ዝጠፍእን ዘድሊ ኣደኻህኦ ምግባር ከም ዘጉድልን ዝተፈላለዩ መጸናዕትታት ይሕብሩ። እቶም ዝበሩ ልምዳውያን ስርዓት-ትሕዛ መሬት፡ ነቲ ዝጥቀስ ዘሎ ውሑስና ተጠቃምነት መሬት ከምቲ ዘድሊ ሓይሊ. ዘይህቡ፣ እኳ ደኣ ምምቕቃል ርእሱማል ከም ዘስዕቡ፣ ካብዚ. ሓሊፉ'ውን ሓረስታይ ኣብ ሓደ ቦታ ካብ ዘሎ ቃጽያኡ ኣብ ካልእ ቦታ ናብ ዝርከብ ቃጽያታቱ ኣብ ምንዕዓዝ ዝጠፍእ ሃልኪ. ግዜን ካልእ ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ነይሩዎ። ብኣንጻሩ ኣዋጅ መሬት 58/94 ዝ. ክእርም ዝሓለፎ ምኽኑ ንምዝዛብ፡ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባብን (መንግስቲ ኤርትራ) ዝ. ባይታ ክትሕዝ ምእንቲ ድማ ኣብ ኣዋጅ መሬት ንመሰል ተጠቃምነት ዝጠቅስ ዓንቀጻት መሰረት ብምግባር፡ እዚ ዝስዕብ መመርሒ. ኣውጺኡ።

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ድማ፦

1.**መሰል ተጠቃምነት ሕርሻ፡** ብመሰረት ኣዋጅ 58/94 "ኣብ ዓዲ. እናተቐመጡ መንባብሮኦም ኣብ ሕርሻ ዝተሞርከሰ ሓረስቶት፡ ብህይወት ክሳብ ዘለዉ. ዝምረሓ መሬት ሕርሻ" ማለት'ዩ።

ካልኣይ ክፋል፦ ዝርዝር ኣተገባብራ መሰል ተጠቃምነት ሕርሻ ኩይኑ፥

1. **መምዘኒታት ንመሰል ተጠቃምነት ሕርሻ ብዝምልከት፡**

1.1 ቦታ ምቕማጥ፡

1.1.1 ብመሰል ተጠቃምነት ሕርሻ መሬት ዝረኽቡ ሰባት፡ ኣብ ዝሓቲሉ ዓዲ፡ ደቂ ዓዲ. ምኳኖም ዘረጋገጹን ብውሑዱ ልዕሊ. 2 ዓመት ኣብቲ ዓዲ. ብቐዋምነት ዝነብሩ ክኾኑ ኣለዎም።

1.2 ገደብ ዕድመ፦

1.2.1. ኩሎም ሃገራዊ ግቡኦም ዞግልኡ ወይ ዘይምልከቶም ደቂ ተባዕትዮ ይኹኑ ደቂ ኣንስትዮ ኣዋጅ 58/94 ዓንቀጽ 7 ብዝዕባ ዕድመ ብዘፍቅዶ መሰረትን ካልኦት ኣብ'ዚ. መምርሒ'ዚ. ዝተጠቕሱ መምዘኒታትን ብምዝማድ፡ ካብ'ቲ ብሕጊ ዝተወሰነ ስፍሓት ብጽሒቶም ክረኽቡ ይኽእሉ።

### 1.3. ሃገራዊ ግቡእ፦

1.3.1. *ሃገራዊ ግቡኦም ዝፈጸሙ ንኽልቲኦም ጾታ* (ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን) ይሓቁፍ።

- ተጋደልቲ (ዝተጣየሱን ዘይተጣየሱን)፣
- ህዝባዊ ሰራዊት፣
- ሃገራዊ ኣገልግሎት (ዝተፋነዉን ዘይተፋነዉን)፡ ብመሰረት ኣብ ቀጽሪ 1.2 ተጠቒሱ ዘሎ መምርሒ፡ ብሕጊ ዝተወሰነ ስፍሓት ብጽሒቶም ይረኽቡ።

1.3.2. *ሃገራዊ ግቡእ ንዘይምልከቶም ደቂ ተባዕትዮ ይኹኑ ደቂ ኣንስትዮ፡*

- ብምኽንያት ዕድመ፣
- ርኡይ ስንክልና (ኣካላዊ፡ ኣእምሮኣዊ ሕዱር ሕማም ወዘተ) ዘለዎም፣
- ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ዘይምልከቶም ብዝምልከቶ ኣካል ዝተረጋገጸሎም፣
- ብመሰረት ኣብ ቀጽሪ 1.2. ተጠቒሱ ዘሎ መምርሒ፡ ብሕጊ ዝተወሰነ ስፍሓት ብጽሒቶም ይረኽቡ።

### 2. መሬት ዝምርሑ ማሕበራውያን ጉጅለታት፦

ዝ. ኣብ ላዕሊ. ዝተጠቕሰ መምዘኒታት ዘማልኡ ማሕበራውያን ጉጅለታት ሰዒቡ ብተጠቒሱ ዘሎ መምርሒ. መሬት ይምርሑ።

2.1. ኣብ ግዜ ምርሒት፦

2.1.1. ሰብ ሓዳር፡

- ሰብ ሓዳር ኣብ'ቲ ዝነብሩሉ ዘለዉ. ዓዲ፡ ብስም ክልቲኦም ዝምዝገብ ካብ'ቲ ብሕጊ ክምራሕ ዝተወሰነ ስፍሓት፡ ኣብ ሓደ ቦታ ክልተ ብጽሒት (ኣብ ልምዳዊ ስርዓት ትሕዛ መሬት ምሉእ) ይረኽቡ።



ኣቶ ጺጋይ ተኣምራት

- ብሕጊ ዝፍቀድ ካልኣይን ልዕሊኡን ሓዳር ዘለዎም መጻምድቲ፡ ኣብቲ ዝነብሩሉ ዘለዉ. ዓዲ. በበስሞም ዝምዝገቡ፡ ብሕጊ ካብ ዝፍቀድ ስፍሓት ሓሓደ ብጽሒት ይረኽቡ።
- ካብ ሰብ ሓዳር ሓዲኦም ካብ ዓዲ. ወጻኢ. ዝቕመጥ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ኣብ ዓዲ. ዝቕመጥ ወገን ጥራይ ብሕጊ ዝፍቀድ ስፍሓት ሓደ ብጽሒት (ብልምዳዊ ስርዓት ትሕዛ መሬት ፍርቂ) ይረክብ።

2.1.2. **ዝተፋትሑ መጻምድቲ፦**

- ኣብ ሓደ ዓዲ ዝቕመጡ ዝተፋትሑ ሰብኣይን ሰበይትን ካብቲ ብሕጊ ዝፍቀድ ስፍሓት በብጽሒቶም (ብልምዳዊ ትሕዛ መሬት ፍርቂ) ናይ ሕርሻ መሬት ይረኽቡ።
- ኣቐዲመን ተፋቲሐን ዝጸንሓ ደቀንስትዮ፡ ኣብ ዝነበራሉ ዓዲ. (ዓዲ ኣቦኣን ዓዲ. ሰብኣየን) ብሕጊ ዝፍቀድ ስፍሓት ሓደ ብጽሒት (ብልምዳዊ ስርዓት ትሕዛ መሬት ፍርቂ) ናይ ምርካብ መሰል ኣለወን።

2.1.3. **ዝተሰውኡ ወይ ዝሞቱ መጻምድቲ፦**

- ኣብ ዓዲ. ዝነብሩ መጻምድቶም ዝተሰውኡ ወይ ዝሞቱ ሓተትቲ ውላድ ምስ ዝህልዎም፡ ብስም ህልው ወገን ዝምዝገብ ብሕጊ ንሰድራ ዝፍቀድ ክልተ ብጽሒት (ምሉእ ብጽሒት) ይረኽቡ።
- ኣብ ዓዲ. ዝነብሩ መጻምድቶም ዝተሰውኡ ወይ ዝሞቱ ሓተትቲ ውላድ ምስ ዘይህልዎም ድማ፣ ብስም ህልው ወገን ዝምዝገብ ብሕጊ ንሓደ ተጠቃማይ ዝፍቀድ ሓደ ብጽሒት ይረኽቡ።

2.1.4. **ዘኽታማት፦**

- ክልቲኦም ወለዲ መውትቲ ኩይኖም፡ ውሉዶም ካብ ሓደ ንላዕሊ. ምስ ዝኾኑ፡ ናይ ሰድርኦም ክልተ (ምሉእ) ብጽሒት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።
- ክልቲኦም ወለዲ መውትቲ ኩይኖም፡ ውሉዶም ሓደ ምስ ዝኸውን ግን ካብ ክልተ ብጽሒት ወለዱ፡ ሓደ ብጽሒት (ፍርቂ) ጥራይ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ።


2.1.5. **ኣብ ሃገር ዘየለዉ. ወይ ኣብ ሃገር እናሃለዉ. ካብ ዝምልከቶ ኣካል ህላወኦም ዘረጋግጽ ምስክር ዘቕረቡ**

- ሰብ ሓዳር ምስ ዝኾኑ፡ ብስም እቲ ኣብ ዓዲ. ዝተረፈ. መጻምድቲ ጥራይ ዝምዝገብ ብሕጊ ካብ ዝፍቀድ ሓደ ብጽሒት ይምራሕ።
- ዘይተመርዓዉ. ወይ ዝተፋትሑ ወይ መጻምድቲ ዝሞቶም ምስ ዝኾኑ ግን፡ ብስሞም መሬት ሕርሻ ኣይምርሑን።

**ይቕጽል...**



ቃጽያታት መሬት ሕርሻ



# ካብ ታሪኽ ሰውራና !



መሓመድ እድሪስ

## እቲ ኻልእ ገድሊ ንናጽነት !

### ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ!

ኣብ 1977/78 ኣብ ዝበረ እዋን ዱርጋ ዝጠዘለ ከተማታትን ገጠራትን ኤርትራ ሓራ ዝወጽኣሉ'ዩ። ሽዑ ኑቲ መድረኽ'ቲ ዝገልጽ ደርፍታትን መዛሙርን ብቶም ተመሃሮ ይድረፍ



ተጋዳሊት ጺጋ ጋይም (1977)

ወይ ይዝመር ነይሩ። ብፍላይ እቲ ብማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ዝድረፍ ዝበረ ደርፍታት ዱርጋ ኩሉ ተጸኒዑ ኣብ ዜሮ ብተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ይድገም ነይሩ።

ኣብ ከምዚ እዋን'ዩ ኣብ ዜሮ ሓንቲ ርእሳ ዝኸኣለት ጉጅለ ባህሊ ክትቀውም ዝተሓሰበ። እዚ ድማ ኣቐዲሙ ብቶም ኣብ እንዳ ኣቦጠን እንዳ ዛይድን ዝበሩ ንኣሽቱ ተመሃሮ ከምኡ'ውን ብቶም ብወዲ መሓመድ ዝምርሑ ፊተውራሪ ክእለት ባህሊ ኣለዎም ዝተባህሉ ተመሃሮ ተሰሊዮም፡ ኣብ ዜሮ ርእሳ ዝኸኣለት ጉጅለ ባህሊ ክትቀውም መደብ ወጺኡ።

ፊተውራሪ ሰወእ ወዲ መሓመድ፡ ንርእሱ'ውን ወናም ስለ ዝበረ፡ ምስቶም ፊተውራሪ ኃይላ ተኸሉ ቀጺሊ ክጸወቱ የተባብዖም ነይሩ። በዚ ድማ ወዲ መሓመድ ብኹሎም ፊተውራሪ ፍቱውን ህቡብን ነይሩ። ኑቶም ክደርፉ ዝኽእሉ እናመመየ ድማ፡ ፊተውራሪ ምሽት-ምሽት ኃይላን ዖሮሚያን ልሙድ መዘናግዒ ፊተውራሪ ነይሩ። እታ ደሓር ዝቖመት ጉጅለ ባህሊ ዱርጋ ኣቐዲማ ብዙይ ወማዊ መንገዲ ተመስሪታ ክበሃል ይከኣል። ብፍላይ ኢጋይሽ ካብ ደገን ውሽጢን ኣብ ዝመጽኡሉን ኣቡታ ቤት ትምህርቲ ዑደት ኣብ ዝገብሩሉን እዋን እቲ ቀዳማይ ብቶም ተመሃሮ ዝቐረበሎም እንግዶት እቲ ኑቲ መድረኽ'ቲ ዝገልጽ ሰውራዊ መዛሙር ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ከም ዝበረ ተጋዳሊት ጺጋ ጋይም ኣብ ሎሚ ኩይና እትዝክሮ'ዩ።

ጺጋ ንርእሳ ከም ሓላፊትን ኣላዪትን ናይታ ኣብ ዜሮ ዝቖመት ሓዳስ ጉጅለ ባህሊ ክትከውን ዝተመርጸትሉ ኢጋጣሚ ክትገልጽ እንከሎ፡ "ሓላፊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝበረ ሓምድ የሰፍ (ወዲ ሼኽ) ንፀ መጋቢት ዝኸውን ኑተን ኣብኡ ዝበርና ሓሙሽተ

መምሃራን ደቂ ኣንስትዮ ግጥሚ ክንጽሕፍ ኣዘዙና። ሽዑ ብበወገና ፈቲንና። ኣነ'ውን ኣብ ታሪኸይ ንፈለማ እዋን ግጥሚ ክፍትን ጀሚረ። ኣብ ሰውራ ድማ ዝተበዘልኩዎ ክትፍትን ስለ ዘሎ፡ ኣይክእልን ምባል ነውሪ ስለ ዝበረ ዱርጋ ስዲ ንባብን ግጥምን ዝተሓዋወሰት ግጥሚ ገይረ። ኣጸኒዐ ድማ ኣብ መድረኽ ጸቢቐ ኣንበብዩ። ሽዑ ተሰፋን ሞራልን ዝኾነ ግብረ መልሲ ብስጎድጓዳዊ ጣቓዒት ምስ ተወሃበ፡ በቓ ድሕሪ ደገም ክንጽሕፍ እኽእል'የ ኢለ ተሰፋ ገበርኩ። ወዲ ሼኽ ድማ ኣዚ ምስ ረኣየ ኩይወዓለ ኩይሓደረ እታ ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብወግዒ ክትቀውም፡ ኣነ ድማ ሓላፊት ናይታ ጉጅለ ባህሊ ክኾውን መዘዙኒ። ብኸምዚ ድማ ካብቶም ንኣሽቱ እንዳ ኣቦጠን እንዳ ዛይድን ከምኡ'ውን ብቶም ብወዲ መሓመድ ዝምእከሉ ፊተውራሪ ዝተዋጽኡ 25 ዝኾኑ ኣባላት ዝሓዘት ጉጅለ ባህሊ ቀይሙ" ትብል።

ሓቂ'ዩ ኣብ ህ.ግ. ጉጅለ ባህሊ ካብ መፋርቕ 70ታት ዝጀመረ'ኳ እንተ ኮነ ብዝያዳ ውዱብ ግን ኣብ መወዳእታ 1976 ኣብ ፋሕ ዝቖመት ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ እያ። እዛ ጉጅለ ባህሊ እዚኣ ድማ ነዛ ኣብ ዜሮ ኣብ ሕቑፊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብተመሃሮ ዝቖመት ካልኣይታ ጉጅለ ባህሊ ኮይና። ዕላማ ጉጅለ



ኣቦ ፊተውራሪ ሰወእ እስማዒል መሓመድ (ወዲ መሓመድ 1978)

ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ልክዕ ከምታ ቀዳማይታ ኣብ ፋሕ ዝተመስረተት ብዓበይቲ ተጋደልቲ ዝቖመት ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ፡ ሰውራዊ መዛሙርን ደርፍታትም እናደረሰት ኣብ ምንቃሕን ምውዳብን ህዝቢ ዓቢ ግደ ኣበርኪታ'ያ።

ኣባላት ጉጅለ ባህሊ መብዝሕትኦም ንኣሽቱ ነይሮም። እዚ ድማ እታ ጉጅለ ባህሊ ዝያዳ



ጺጋይ ጋይም (2025)

ተፈታውነትን ህቡብነትን ከም እተሕድር ተገበረ። ብፍላይ እዛ ጉጅለ ባህሊ ክትብጽሖ እንከላ ከቢሮ'ውን ኣይነብራን። "ብዘሎካ ዝከኣለካ ግበር" ብዝብል ርእሰ ምርኩሳ ህ.ግ. ብጅራታንን ባዕሎም እቶም ተመሃሮ ሰናይም ብዘሰርሕዋ ክራርን ገይራ ተበጊሳ። ካብቲ ምዕቡል መዚቃ ዝያዳ ድማ እቲ ቀጠንቲ ደምጺ ጎረሮ ናይቶም ተመሃሮ ዝያዳ ሰሓብን ማራኺን ነይሩ።

ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብወግዒ ምስ ቆመት፡ እቲ ቀደም ብፍኑው ዝቶየድ ዝበረ ባህላዊ ምርኢት፡ ብውዱብ መልክዕ ክቐርብ ክኢሉ። ትሕዝቶ ናይቲ ሽዑ ዝድረፍ ዝበረ ደርፍታት ድማ ብዝተፈላለየ መምሃራን ዝግጠም ግጥምታትን ደርፍታት ማእከላይ ጉጅለ ባህልን ካልእን እናሓወሰት ይድረፍ ነይሩ። ብፍላይ ሓንቲ፡ ኣብ ዜሮ ብዙሕን ግርማይ ትድረፍ ዝበረት ህብብቲ ደርፊ ነይራ።

"ናጽነት ማለት፡ ናጽነት ማለት
ንምስቃል ባንዴራ፡ ንምስቃል ባንዴራ፡
መረብ ንምስጋር ንምስጓግ ኣምሓራ፡
ናጽነት ማለት ሓድነት ህዝብና...."

ብኸምዚ ድማ ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ንተመሃሮ ይኸውን ንኢጋይሽ ብቐጻሊ ባህላዊ ምርኢት እናቕረበት ህቡብነታ እናዓዘዘ ከይዱ። ዝያዳ ህብብቲ ዝኾነትሉ፡ ሽዑ ኣብቲ ከባቢ ካብኣ ዝምዕብል ካልእ ጉጅለ ባህሊ ስለ ዘይነበረ ክኸውን ይኽእል። ብኸምዚ ድማ እታ ጉጅለ ባህሊ ማዕቢላ ካብ ዜሮ ወጺኣ ኣብ ፋሕ ከይዳ ኣርኣያ። ድሕሪኡ ቀጺላ ድማ ልክዕ ከምታ ማእከላይ ጉጅለ ባህሊ ዝበረቶ ናብ ሓራ ከተማታት ዑደት ክትገብር ጀመረት።

ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ካብቲ ጸቢብ ስንጭሮ ዜሮ ሓሊፋ ናብቲ ዝሰፍሐ ሓራ መሬት ክተርኢ መደብ ስለ ዝወጸ ምሽት ምድሪ ኣብ ዝጠነ ኤኑትረ ተወጢሓ ካብ ዜሮ ነቒላት። ሰበር ቀጠ፡ ደብዖት፡ ዓገት፡ ናሮ እናበለት ድማ ፈላሚ ምርኢታ ኣብ ኣፍዓበት ኣቕረበት። ምርኢት ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝረኣየ ህዝቢ ኣፍዓበት ድማ ካብ መጠን ንላዕሊ ተደንቐ። ምኽንያቱ እዞም ንኣሽቱ ቁልዑ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣደናቒ ምርኢት ከቕርቡ ኣይተጸበየን። ብሰላ እታ ጉጅለ ባህሊ ዘርኣየቶ ባህላዊ ምርኢት ድማ ብዙሓት መንእሰያት ናብ ሰውራ ተሰሊፎም።

እታ ጉጅለ ባህሊ ካብ ኣፍዓበት ናብ ከረን ምስ ቀጸለት'ውን ህዝቢ ከረን ከም ህዝቢ ኣፍዓበት ድሙቕ ኣቀባብላ ገይሩላ። "ወይለይ ሎሚ ከኣ፡ ካብ ሳሕል ንኣሽቱ ተጋደልቲ መጺኦም!" እናበለ ህዝቢ ከረን'ውን ናብቲ ናይ ምርኢት መድረኽ ውሒዙ። ከምኡ እናበለት ድማ ጉጅለ ባህሊ ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ድሕሪ ከረን ናብ ዛግር ደዪባ፡ ፍልፍል ወረዳ ናብ ጊንዳዕ ተጠውያ ክሳብ ደቀምሓረ በጺሓ ደስ ዘብል ምርኢት ድማ ንህዝብን ተጋደልትን ኣቕረባ። ብሰላ'ዛ ጉጅለ ባህሊ እዚኣ፡ ኣብ ብዓል ከረን፡ ዛግር፡ ደቀምሓረን ካልእ ሓራ ቦታታትን ብቐያሕቲ ዕንቡባ ዝፍለጥ ጉጅሊታት ባህሊ ክሰንብብ ጀሚሩ።

ይቕጽል...



ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብወኒ እናሳዕሰዑ (1977 ኣብ ዜሮ)

## ሳሕልን ቅርስታት ገድልን !

**'ሳሕል ከም ሃገር፡ ህ.ግ. ከም መንግስቲ' ብዙይ ምኽንያት ኣይተባህለን። ሳሕል ኣብ ግዜ ገድሊ ሃገርን መንግስትን ዝማልአ እተማልእ ስለ ዝበረት'ዩ።**



ተጋዳላይ፡ ነፋሪት ምስ ሓምሸሽ (ናይ በዛቤህ ጴጥሮስ) 'ዓወት ንሓፋሽ!' እናጨረሐ (1984 ከባቢ ግራት)

- ብራሕብ ዝፍለጥ ቀዳማይ ትካላት ምስናዕ ዝተመስረተሉ ቦታ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝበረ ኩይኑ፡ ኣብ ብዓል ብሊቓትን ከበበኣን ፈሊሙ ናብ ዝለዓለ ምዕባለ ቀጺሉ።
- ደምጺ ሓፋሽ ብዕለት 01/01/1979 ብቋንቋታት ትግርኛን ዓረብን ዝፈለመትሉ (ፋሕ) ኣብ ግዜ ናጽነት ብበኣዋኑ ፈነወ እናተወሰኸ ናብ 5 ቋንቋታት ደዪቡ።
- ኣብ 1979 ቀዳማይ ጉባኤታት ሃገራዊ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራውያን (ሃማደኤ)ን ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን (ሃማሰኤ)ን ኣብ ኣራግ ተኻዪዱ።
- እቲ ቀዳማይ ካብ ዕለት 19-22 መጋቢት 1984 ዝተኻየደ፡ ምሉእ ግንባር (ውቃው እዝ) ዘፍረሰ ወይ ዝተደምሰሰሉ ብመከናይዝድ ዝተሰዐ ደምሳሲ መጥቃዕቲ ኣብዚ ከባቢ'ዩ።
- እቲ ነፋሪቱ ብኣባላት ጸረ-ነፈርቲ ህ.ግ. ምስ ተዃርመት ዝተማረኸ ቀዳማይ ፓይሎት ኢትዮጵያ በዛበህ ጴጥሮስ እውን ኣብ ከባቢ ግራት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል'ዩ።
- እቲ ብዕለት 27 ሚያዝያ 1984 ቀዳማይ ታንኪ ብታንኪ ውግእ ዝተገበረሉ ቦታ'ውን ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ከባቢ ግራት'ዩ።
- ካብ ሳዕለዎት መራሕቱ ዝኾኑ ኣባል ማእከላይ ሽማግለን ፖለቲካዊ ቤት ጽሕፈትን ህ.ግ. ስውእ ተጋዳላይ ኢብራሂም ዓፋ'ውን ብዕለት 11 ጥቅምቲ 1985 ኣብቲ ብወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ ዝፍለጥ ናይ መጠረሽታ ወራር ማለት 8ይ ወራር ኣብ ዝጠነ ጎቦ ዓጋመት ዝተሰወኣሉ ቦታ'ውን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል'ዩ።



ካብ እግሪ ክሳብ ጥርዚ ኣስታት 37 ኣንጎሎታት ዘለዎ ጽርግያ ብደሆ

- እቲ ኣብ ታሪኽ ህንጻ ህዝባዊ ግንባር መስተንክራዊ ስግይ ጠቀስ ጎቦታት ሰንጢቑ ዝሓልፍ ጽርግያታት (ብደሆን ኣይንምብርከኽን ካልእን) ዝተሰርሓሉ'ውን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል'ዩ።

**ስለዚ እዚን ካልእ ኣብ ሳሕል ብሓፈሻ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ናይ ሎሚ ንዘጣ ቅሮራ ዘሎ ቅርስታት ገድሊ፡ ሓደ ካብቲ ሰውራና ዝኸሰርዓሉ ነባሪ ታሪኻና ብምኻኑ ክሕደስን ክዕቀብን ይግባእ። ኣሰራቱ ድማ ህያው ምስክር ኩይኑ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ታሪኽ ሰውራና እናነበረን እናተመሓላለፈን ክነብር'ዩ።**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Long Holer Driller** |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | **Koka Gold Mine (Site)** |
| **Reporting to:** | **Mining Manager** |
| **Position Overview:** | Responsible for all production long hole drilling with a Sandvik long hole drill rig for blasting of ore and waste activities underground, including all relevant controls and standards. His role is to deal with all technical and operational aspects of long hole drilling. He must drill, lead and train the local drillers to ensure best practice and maximum performance. The Underground Long Hole Driller must have drilled with and know how to operate a Sandvik long hole drill, and transfer of skills to the local operators. |
| **Duties & Function**<br>• Proactively take the necessary steps towards achieving the safety targets set in the company policy<br>• Inspecting equipment such as electrical panels, mechanical systems, and hydraulic systems to ensure that they are in good working order.<br>• Identifying hazards in the workplace and taking steps to eliminate them<br>• Proactively take part in long hole drilling and blasting planning, results monitoring, and feedback to the team<br>• Reporting any accidents, injuries, or unsafe conditions to supervisors<br>• Achieve drill and blast targets in quantity and quality and be actively involved in their elaboration<br>• Experience in state-of-the-art drilling technologies and real-time monitoring<br>• Must have operated and be certificated in the following underground equipment:<br>• Sandvik Long hole stopping drill rig<br>• Development Jumbo drill rig<br>• Ensure a proactive relationship with other Production Department Services<br>• Actively contribute to a positive teamwork environment at all time<br>• Communicate openly and honestly at all times<br>• Strategic leadership, tactic leadership, anticipation, and vision<br>• General knowledge of Geology and Geotechnics. | |
| **Formal Education or Equivalents**: | • Drilling certification on long hole and development drill rigs<br>• Underground blasting certificate/ticket advantageous,<br>• First Aid certificate<br>• Relevant equipment certificates |
| **Working experience – nature and length** | • Practical experience of at least 5 years within a mechanized mining operation as Long Hole Drill operator.<br>• Must have 3 years drilling experience with a Sandvik Long Hole drill Rig. |
| **Leadership Experience – nature and length of time** | • At least 5 years of experience in deep-level gold mines. |
| **Other skills and abilities** | • Physically fit and healthy<br>• Strong communication and interpersonal skills.<br>• Team player<br>• Must be able to work and perform under pressure<br>• Knowledge of relevant legislation<br>• Good verbal and written communication skills in English<br>• Produce and maintain effective training results in the drilling department<br>• Coaching and mentoring skills<br>• Assessment and moderation skills<br>• Facilitation skills |
| **Unique requirements:** | • To be able to pass a full Doctor's Physical examination<br>• To be able to work with ZMSC rosters. |
| **Salary** | Company scale |
| **Room Accommodation** | Free accommodation |
| Please mail your applications to the **ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea** | |
| **Note to Eritrean applicants:** - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs **P.O. Box 7940** Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management **P. O. Box 272** | |
| Deadline for application: **10 days** from the day of announcement. | |

# ቱሪዝም ንዘላቒ ለውጢ

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

ስእሊ.- ኣብርሃም በየነ

ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም "ቱሪዝም ንዘላቒ ለውጢ" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር 26 መስከረም 2025 ልክዕ ሰዓት 9፡00 ቅድሚ ቐትሪ ኣብ ቀጽሪ ኣዳራሽ ቤት ትምህርቲ ዓይኑስወራን ኣብርሃ ባህታ ብልዑል መንፈስ ተዘኪሩ። ኣብ'ቲ ሚ/ር ቱሪዝም ወ/ሮ ኣስካሉ መንቆርዮስን ፕረዚደንት ሃማደኤ ወ/ሮ ተኽኣ ተስፋሚካኤልን ዝርከብዎም ሰብ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን ወከልቲ ማሕበራትን ብርክት ዝበሉ ዕዱማት ኣጋይሽ፡ መምህራንን ተመሃሮን ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ ኣብ ዝተረኽብሉ ኣጋጣሚ ድማ፡ መደብ ብዘኽሪ ሰማእታት ፈሊሙ። ፈለማ ንኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም ኣመልኪቱ ቃል ዘስመዐ ዋና ጸሓፊ ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ኤርትራ



ኣቶ ሓጎስ ፍስሃ



መምህር ገብረእግዚኣብሄር ገብረእየሱስ

ኣቶ ሓጎስ ፍስሃ እዩ። ንሱ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም፡ ማሕበርና ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ኤርትራ፡ ምስ ማሕበር ዓይነ ስውራን ኤርትራ ኣብ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ ክንበዕሎ እንኽእለና ፍሉይ ባህታ ይስመዓና ድሕሪ ምባል፡ ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ ዝበዓሉ ዕላማ ድማ፡ ብምዝንጋዕ ምስኦም ሓቢርካ ብምውዓል ኣብ ጉድኒ ዓይኑስወራን ከም ዘለና ንምግላጽ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ቀጺሉ፡ ነዚ ጽንብል ንምድማቕ ኣቐዲሞም ከም ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ቦል ጎል፡ ቸስ…ዝኣመሰሉ ኣብ መንጎ ዓይነ ስውራን ከም ዝተኻየዱ ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ ቀጻሊ ን32 ዓይነ ስውራን ናይ መዚቃ፡ ቸዝ፡ ሱ-ጽሑፍን ማሳጅን ዝኣመስለ ስልጠናታት ብማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ሚ/ሪ ቱሪዝም ፋይናንሳዊ ደገፍ ብምግባር ከምህር ተዳልዩ ከም ዘሎ'ውን ኣብቲ ኣጋጣሚ ገሊጹ። ከምኡ ዝበዓሉ



ምኽንያት ድማ፡ ጉዳይ ዓይኑስወራን ንሰድራኦምን መንግስትን ጥራይ ዝግደፍ ከም ዘይኮነ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ቀጻሊ ኣብ ጉድኖም ከም ዘለና ንምሕባር ከም ዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ብድሕሪ'ዚ ቃል መልእኽቲ ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም፡ ብሓላፊት ክፍሊ ቱሪዝም ዞባ ማእከል ወ/ሮ ሊያ ገብረኣብ እዩ ሰዒቡ። ንሳ ጽላት ቱሪዝም ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣብ ደረጃታት ቀጠባን ዘቤታዊ እቶትን ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ኣብ ምምሕያሽ መነባብሮ ህዝቢ ሓደ ካብቶም ዕዙዝ ተራ ዝጻወቱ ዘለዉ ከም ዝኾነ ገሊጹ። ብምቕጻል፡ ኣብ ርእሲ እቲ ቀጠባዊ ረብሓኡ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ሃገራትን ሕብረተሰባትን ባህላዊ ወህደትን ሓድሕድ ምርድዳእን ክሰፍን ከም ዝኽእል'ውን ሓቢሩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ጽላት ቱሪዝም ክሰዐቡ ዝኽእሉ ባህርያውን ባህላውን ከምኡ'ውን ሱብ ዝሰርሖ ሓደጋታት፡ ምስ በጺሕቲ ዝመጽኡ ክብርታትን ልምድታትን ሕብረተሰብና ክብርታ ዝኽእሉ ነውርታት፡ ክሊማዊ ለውጥን ሳዕቤናቱን ብዝምልከት ነጥብታት ዘርዚሩ።

ኣስዒቡ፡ ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ጽላት ቱሪዝም ውሕሱን ሓላፍነታውን ረብሓ ወለዶታት ዘረጋግጽ ከም ዝኾነ ብንጹር ኣስፊርዎ ኣሎ። እዚ ጸጋታትን ውርሻታትን እዚ ድማ፡ ናይ ወለዶታት ሃብትን ውርሻን ስለ ዝኾኑ፡ ብመንጽር ቀጠባዊ፡ ማሕበራውን ኣከባብያውን መዳያት፡ ረብሓ ህሉውን መጻኢን ወለዶታት ንምርግጋጽ ብሓላፍነታዊ ኣገባብ ክንጥቀመሎም ኣዘኻኺሩ።

ንሳ ኣብ መወዳእታ፡ ኢንዳስትሪ ቱሪዝም ሃገርና ዘላቒ ለውጢ ከረጋግጽ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ብድሆታት ቱሪዝም ዕቱብ ምሕደራን ክትትልን ክግበረሎም ጸዊዑ።

ኣቦመንበር ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ኤርትራ ኣቶ ሰለሙን ግርማይ ብወገኑ፡ ኣርማ ማሕበርና ንማዕዝም ባሕርናን ደሴታትናን ታሪኻዊ ቦታታትን ሓወልቲ ቀሓይቶን የጠቓልል ድሕሪ ምባል፡ መሰረታዊ ዕላማታት ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ኤርትራ፡ ቱሪዝማዊ ጽላታት ሃገርና ኣብ ረብሓ ሕብረተሰብናን ሃገርናን ንምውዓልን ብሉጽን ተወዳዳርን ጽላት ቀጠባዊ ዕቤት ምምዝጋብን ከም ዝኾነ ገሊጹ። ቀጺሉ፡ ብደረጃ ሃገር



ወ/ሮ ዝማም ገብረመድህን

ዘለዋ ቀጽሪ ወሃብቲ ኣገልግሎትን ኣባላተንን ዘካይዶ ዕማማትን ከምኡ'ውን ኣብ ትሕቲ ጽላል ሚ/ሪ ቱሪዝም ዝሰጥፍ ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ምስ መሻርኽቱ ዘካይዶም ዓበይቲ መደባትን ንጥፈታትን ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ዘርዚሩ።

ተሳተፍቲ መደብ ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም፡ በቲ ኣፍ ዘሎ'ኽድን ዋዛታት መምህር ፍጹም (ወዲ-ዓዴ) እናተዘናግዑ እንከለዉ፡ ሰዒቡ ነቲ ኣጋጣሚ ምርኩስ ብምግባር፡ ቃል ንኽስምዑ መድረኽ ዝተረኸበ ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ዓይነ ስውራን ኣብርሃ ባህታ፡ መምህር ገብረእግዚኣብሄር ገብረየሱስ እዩ። ንሱ፡ ፈለማ ድሕሪ ባይታ ቤት ትምህርቲ ዓይኑስወራን ኣብርሃ ባህታ እዩ ኣቕሪቡ። ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታ ብ1967




ዓ/ም ብኣቶ ሰዩም ወልደማርያም፡ ሓዎም ንሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወ/ማርያም ከም ዝተመስረተ ድሕሪ ምሕባር፡ ካብ'ቲ ግዜ እቲ ቀንዲ ዕላማ ንዓይነ ስውራን ንምምሃርን ምስትምሃርን ምኻኑ ድማ ገሊጹ። ኣስዒቡ፡ ካብ'ቲ እዋን'ቲ ኣትሒዙ ብጉዱኣት ብዝተገብረ ገንዘብ ማሰረት፡ ቀጽሪ ተገልገልቲ ተመሃሮ እናወሰኸ ክመጽእ ድሕሪ ምጽንሑ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ብመንግስቲ ግቡእ ደገፍ እናተገብረላ ኣብ ዘተኣማምን ደረጃ ከም ዝበጽሐት ኣገንዚቡ።

ንሱ ወሲኹ፡ ማሕበር ወሃብቲ ኣገልግሎት ቱሪዝም ኤርትራ፡ ብምኽንያት'ዚ ኣጋጣሚ ምስ ተመሃሮ ዓይኑስወራንን ሕብረተሰብ ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታን ክውዕሉ ምሕሳቦም፡ ኣብዞም ዜጋታት እዚኦም ዘለዎም ፍቕሪ ምኻኑ ሓቢሩ። ናብዞም ናይ ምርኣይ ጸገም ዘለዎም ደቅና፡ ብኣካል ብምምጻእ 'ኣለናልኩም፡ ቀጽሉ' ምባልኩም ድማ፡ ፍሉይ ሓጎስ ይስምዓና። እዚ ቤት ትምህርቲ ድማ፡ ዓቢ ሞራል እዩ። ንሶም'ውን ማዕረ ክንደይ ተሓጒሶምልኩም ከም ዘለዉ ንዕኦም ወኪለ ክገልጸልኩም እፈቱ ኢሉ። ንዝለዎም ሕጽረታትን ሃጓፋትን ኣብ ምምላእ ድማ፡ ናይ ወትሩ ሓገዝ ከይፍለዮም ተማሕጺኑ።

ብድሕሪ'ዚ መደብ ናብ ምዝንጋዕ እዩ ተሰጋጊሩ። ዓባይ ጉጅለ ባህሊ ራእዪ ናይ ዓይነ ስውራን መሳርሒታት መዚቃኣ ብምውዳድ፡ ንዕዱም ከዘናግዕ መድረኽ ተረኺቡ። እዛም ኣብ ከም መዓልቲ ናጽነት፡ 20 ሰነ፡ ፈስቲቫል… ዝኣመሰለ ዓበይቲ ሃገራዊ በዓላትና ምርኢት ዘቕርቡ ስሙያት ኣባላት ጉጅለ ባህሊ፡ ኣብ'ቲ ዕለት ነቲ ጽንብል ንምድማቕ፡ ነታ 'ዙራ'ሞ ሃገርካ' ናይ ስውእ ደምጻዊ ዑቕባጋብር ገ/ትንሳኤን፡ "ኣበይ ከይዱ ስልማትኪ" እትብል ናይ ደምጻዊት ሄለን መለስን ብደምጻውያን ዓይነ ስውራን ወልደርፋኤል ክፍለን ሄለን ጸጋይን ቀሪቡ። ብፍሉይ ክእለትን ጣዕሚ ኣደራርፋኦምን ድማ፡ ካብ ተዓዘብቲ ልዑል ኣድናቖትን ጨብጨባን ተለገሰሎም።

ኣብ'ቲ ዕዙዝ ኣጋጣሚ፡ ነቲ በዓል ማእከል ብምግባር፡ ንሓንቲ ካብቶም ኣብ ምውህሃድ እቲ መደብ ተጻሚዶም ዝነበሩ ኣባላት ሚ/ሪ ቱሪዝም፡ ንወ/ሮ ዝማም ገ/መድህን ኢና ብዛዕባ እቲ መደባትን ኣብቲ ቦታ ምኪያዱ እንታይ ከም ዝተሰምዓን ተወኪስናያ። ንሳ፡ እቲ በዓል፡ ብቐንዱ ሓያል ምድላዋት ክግበረሉ ከም ዝጸንሐ ድሕሪ ምግላጽ፡

ሚ/ሪ ቱሪዝም ምስ'ዞም ዓይነ ስውራን ደቂ ነቲ መደብ ኣብቲ ቦታ ምብዓሉ ኣዝዩ ከም ዘተሓጎሰት ገሊጻ።

ቱሪዝም፡ ፍርያት ሃገርካ እተቕርበሉን እተላልየሉን መድረኽ እዩ ዝበለት ወ/ሮ ዝማም፡ ራእይ ናይ'ዚ መደብ ድማ፡ ንዘለዉኻ ቱሪዝማዊ ጸጋታት ሃገርካ፡ ብሽመይ ከተቃልሖምን ከተፋልጦምን ከም ዘለካ ዝዓለመ እዩ። ምኽንያቱ፡ ንሕና ኤርትራውያን ከም ሃገር፡ ብዙሕ ሱሓቢ ዝኾነ ባህላውን ታሪኻውን ከምኡ ድማ መስሕብ ቅርስታት ስለ ዘለና፡ ንዘይተመዝመዘ ድንግልን ሃብታምን ቱሪዝማዊ ጸጋታትና ኣብ ረብሓ ንምውዓልን ንምዕባዩን ብዕቱብ ክንሰርሓሉ ከም ዘለና ሓቢራ። ንሳ ኣብ መወዳእታ፡ ንዘለና ፍቱውን ሱሓብን ጸጋታትና ብኣካል ከይድና ክንዕዘቦን ክንስተማቕርን ተቓደስቲ ክንከውን'ውን ርእይቶኣ ኣካፊላ።

ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ቱሪዝማዊ ሰሚናር ንተሳተፍቲ ናይቲ ኣህጉራዊ በዓል ዘቕረበ ኣቶ ሙሴ እዮብ እዩ።



ኣቶ ሰለሙን ግርማይ



ወ/ሮ ልያ ገብረኣብ

ንሱ፡ ኤርትራ ሃገርና ሓቕፊቶም ዘላ ሓፈሻዊ ትሕዝቶን ቱሪዝማዊ ጸጋታትን እዩ ኣቕሪቡ። እዚ ማለት ንባህላውን ታሪኻውን ጸጋታትና ከምኡ'ውን ዘጓንፉ ዓበይቲ ብድሆታትን ኣጉዳስነት ቱሪዝማዊ ዲፕሎማሲን ብደቂቕ ንተሳተፍቲ ናይቲ በዓል ኣቕሪቡ። ብተወሳኺ ጉጅለ ባህሊ ራእይ ኣብ መወዳእታ ንዕዱማት ኣጋይሽን ከምኡ'ውን ተመሃሮን መምህራን ቤት ትምህርቲ ኣብርሃ ባህታን ብምኡዝ ዜማታታ ኣዘናጊዓ።

ቅድሚ ኣህጉራዊ መዓልቲ ቱሪዝም ካብ ዕለት 26 ክሳብ ሰሉይ 29 መስከረም 2025 ክኽበር እዩ። ብሓፈሻ፡ ኣብ'ዚ ቅንያት፡ ብማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ ዝተወደበ፡ ዑደትን ምርኢት ቁንጅናን ዲዛይነራት ኣብ ቅርዓት ኣስመራ፡ ኩለን ወሃብቲ ኣገልግሎት ዞባ ማእከል ሃገራዊ ፍርያተን ዘቕርባሉን ዝሸጣሉን ባዛር ኣብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም፡ ብሚ/ሪ ቱሪዝምን ተመሃሮ ኮሌጅን ዝተዳለወ ኤግዚብሽንን ኣብ ሽዱ ተብጊሱ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ዝበጽሕ 20 ዓይነ ስውራን ዝሳተፍዎ ማስ ስፖርትን ካልእ ዓበይቲ ንጥፈታትን መደባትን ሓቝፉ ክሰላሰል ክቕጽል እዩ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሓሬና፣ ሻምፕዮን ፍርቂ ማራቶን ሓይልታት ምክልኻል ኮይና



ውድድር ጉያ ፍርቂ ማራቶን (21 ኪ.ሜ) ናይ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዓርቢ 26 መስከረም ኣብ ሰዓታት ቀድሚ ቀትሪ ኣብ ከተማ ከረን ተኻይዱ።

ኣብዚ ደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ዝተሳተፍዎ ውድድር፡ ኣማኑኤል ወልደሚካኤል ካብ ሓሬና ቀዳማይ ብምዃታው፣ ተሸላሚ ወርቂ መዳልያን 10 ሽሕ ናቕፋን ኮይኑ፡፡ ወዲ ጋንታኡ መሴ ክፍሎም ተሸላሚ ብሩን መዳልያን 8 ሽሕ ናቕፋን ክኸውን እንከሎ፡ ኣቤል ተኽለ ካብ ብደሆ ኑሓስ መዳልያን 7 ሽሕ ናቕፋን ተሸሊሙ።

ኣትሌት ጋንታ መኾተ የናታን ክፍሉ ምሕረትኣብ ሃብተስላሴ ካብ ሳዋ፡ ሳምሶን ገብረመድህን ካብ ዓምበርበብ ድማ ካብ ራብዓይ ክሳብ ሻዱሻይ ብምዃታው፡ ብተኸታታሊ፡ 5 ሽሕ፡ 4 ሽሕ፡ 3 ሽሕ ናቕፋ ተሸሊሞም።

ቀዳማይን ካልኣይን ዝኣተዉ ኣትሌታት ኣባላቱ ዝኾኑ ሓሬና ድማ ብደረጃ ጋንታ ጸቢሎል ኢሉ፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብቲ ዕለት ካብ ኣስመራ ዝመጸት ሕርይቲ ጋንታ ወሰንቲ ማሕበር ታኽሲ ዞባ ማእከል ምስ ጋንታ ኣሰልጠንቲ ከዕሶ እግሪ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ናይ ምሕዝነታዊ ግጥም ኣብ ስታድዮም ከረን (ጅኮ) ኣካይዱ። ጋንታ ሓይልታት ምክልኻል ድማ ኣብ መበል 62 ደቒቕ ብመንገዲ የሴፍ ሃይለ (ምፍት) ብዘመዝገበታ ሾቶ 1-ብ 0 ተዓዊታ። የሴፍ ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ተጸዊዑ።

ሓለቃ ጋንታ ማሕበር ወሰንቲ ታኽሲ ኣድሓኖም ሃብተማርያም ዕላማ'ቲ ውድድር ክገልጽ እንከሎ፡ "ኣብ ስፖርት፡ ደም ምልጋስን ካልእን ዝወፍር ማሕበርና፡ ምስ ስፖርት ሓይልታት ምክልኻል ድማ ጽቡቕ ዝምድና ክንገብር ኢና መጺና" ብምባል፡ ዕድመ ዝቐረበሎም መኮንን ሓብሬታን ኀበሬን ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣመስጊኑ።

ኣቡቲ ኢጋጥሚ ማሕበር ወሰንቲ ታኽሲ ንመኮንን ሓብሬታን ኀበሬን ሚኒስትሪ ምክልኻል ህያብ ኣበርኪቱ፡፡ ብዘወሳኺ ኢንስትራክተር ከዕሶ እግሪ ኣቶ ልኡልሰገድ ገብረሚካኤል፡ ንማሕበር ታኽሲ ንጋንታኦም እትገልጽ ዓብይ ስእሊ ከም ህያብ ኣበርኪቱ፡፡

ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል፡ ብናይ ፍርቂ ፍጻመ ግጥማት ሎሚ ክቕጽል ምዃኑ፡ ወከል ጨንፈር ዜና መ/ሓ/ን/ሚኒ/ምክልኻል ካብ ከረን ሓቢሩ፡፡

## ዌስት ሃም፣ ንፖተር ኣባሪራቶ ኑኖ ኢስፕሪቶ፣ መዝነት ተቐቢሉ

እንግሊዛዊት ክለብ ዌስት ሃም፡ ንዓሰልጣኢ ግርሃም ፖተር፡ ትማሊ ቀዳም ካብ ስራሑ ከም ዘብረረቶ ኣፍሊጣ፡፡

ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ጃሪስ ሎፐተጊ ንክትሕፍ መዝነት ዝተቐበለ ፖተር፡ ምስቲ ናይ ዝሓለፈን ናይ ሎሚ ዓመትን ዓመተውድድር 25 ግጥማት እዩ መሪሕዋ፡፡ ኣብ ሸዱሽተ ጥራይ ክዕወት እንከሎ ከኣ፡ ኣብ 14 ተረቲዑ፡ ኣብ ሓሙሽተ ማዕረ ወጺኡ፡፡


ፖተር (ጸጋም) ኑኖ (የማን)

ዝሓለፈ ወቕቲ መበል 14 ዝወዳእት ዌስት ሃም፡ ካብ ፍርቂ ንዝተቐበላ ፖተር ሓዳሽ ዕድል ክትህቦ እያ መሪጻ፡፡ ኣብዚ ሓሙሽተ ግጥማት ዘዕደሉ ወቕቲ ግን፡ ሓንሳብ ጥራይ ተዓዊቱ ኣርባዕተ ግዜ ምስ ተሳዕረ ከኣ ካብ ስራሑ ኣባሪራቶ፡፡

"ዝተረኽበ ወጽኢት ንትጽቢትና ኣይተዛመደን፤ ብዝተኻእለ ኣብ ፕሪመር ሊግ ዘለና ደረጃ ንምምሕያሽ ከኣ ለውጢ ኣድላዪ ምዃኑ ኢና ንኣምን" ክትብል፡ እታ ክለብ ኣብ ዝመጽኣቶ መግለጺ ኣፍሊጣ፡፡

ንፖተርን ምስኡ ዝተባረሩን መሳርሕትን ድማ ኣመስጊና፡፡

እዛ ጋንታ፡ ንቦታ ፖተር ድማ፡ ብናይ ቀደም ዓላሚ ኖቲንግሃም - ኑኖ ኢስፕሪቶ ሳንቶ ከም ዝተክኣቶ ይሕብር፡፡ ኑኖ፡ ብ8 መስከረም ካብ መንበር ምዕላም ኖቲንግሃም ምስጓጉ ይዝከር፡፡

ሃዘ ጋንታ ኣብ መበል 19 ገዲፍዋ ዝተፋነወ ፖተር፡ ጸብሒ ምሸት ናብ ኤቨርተን ተጓዒዙ ሻዱሻይ ናይ ሊግ ጸወታኡ ከካይድ እናተዳለወ እዩ ተባሪሩ ዘሎ፡፡ ናይዚ ወቕቲ እንኮ ዓወቱ ከኣ ብኑኖ ንትዕለም ዘበረት ኖቲንግሃም እዩ ጸምቢልዎ፡፡

## ባርሳ፣ ንራፊንያን ጋርሺያን ከሲራቶም

ሓደ ካብ ወሰንቲ ተጻወትቲ ባርሴሎና ዝኾነ ራፊኒያ፡ ብሰንኪ ኣብ የማናይ ስለፉ ዘጋጠሞ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ፡ ንዝመጽእ ሰለስተ ሰሙንቲ ካብ ጸወታ ከርሒ ምዃኑ ተሓቢሩ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ሓላዊ ልዳት - ጁዋን ጋርሺያ፡ ኣብ ጼጋማይ ብርኩ መጉዳእቲ ከም ዘጋጠሞን መጥባሕቲ ምግባሩን እዛ ክለብ ሓቢራ፡፡ እዚ ወዲ 24 እስጳኛዊ ሓላዊ ማዕጾ ብሰሪዚ ጸገም፡ ካብ ሸዱሽተ ክሳብ ሸሞንተ ሰሙንቲ ካብ ጸወታ ክእለ ከም ተገማቲ ኣሎ፡፡

ጉዳም ሓላዊ ልዳት ተር ስተገን ጌና ኣብ ናይ ተሃድሶ ግዜ ብምህላዉ ድማ፡ ፖላንዳዊ ዎልቸች ሽዝኒ ኣብዞን ዝስዕባ ግጥማት ክሰለፍ ትጽቢት ይግበር፡፡

## ኪይን፣ ክብረ-ወሰን ሮናልዶን ሃላንድን ሰይሩ



ኣጥቃዓይ ባየር ሙኒክ - ሃሪ ኪይን ድሕሪ 1992፡ ኣብ ሓሙሽተ ሊጋት ኤውሮጳ ኣብ ዝውሓደ ግጥማት ቀዳሞ 100 ሸቶታት ዝጸሐ ተጻዋታይ ኮይኑ - ዓርቢ ምሸት ሸቶ ብምምዝጋቡ፡፡

ኣብ 2023 ብ100 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ቶተንሃም ናብ ሙኒክ ዝተሰጋገረ ኪይን፡ ኣብ 104 ግጥማት እዛ ክለቡ እዩ 100 ሸቶታት ኣመዝጊቡ፡፡ በዚ ከኣ ኣብ ዝውሓደ ግጥማት 100 ሸቶታት ዘመዝገበ ብምዃኑ ንክሪስቲያኖ ሮናልዶን ኤርሊንግ ሃላንድን በሊጹ ክብረ ወሰን ሒዙ፡፡

ሮናልዶ ንሪያል ማድሪድ፡ ሃላንድ ከኣ ንማንቸስተር ሲቲ፡ ኣብ 105 ግጥማት 100 ሸቶታት ብምምዝጋብ ኣብ ቀዳሚት ጸኒሖም፡፡ ልዊስ ስዋረዝ ኣብ ባርሳ ኣብ 120 ግጥማት፡ ዝላታን ኢብራሂሞቪች ኣብ ፒኤስጂ እንከሎ፡ ኣብ 124 ግጥማት ነዚ ብዝሒ ብምምጽኦም፡ ራብዓይን ሓሙሻይን ይስዕቡ፡፡

## ነገረ ነይማር . . .




ነይማር ጃንጃር፡ 'ወልፊ ዊስኪ፡ ሓዪሊ ዝሁብ ማስተን ጌምን ኣለዎ' ንዝበሎ ጋዜጠኛ ከም ዝኸሶ ተቓሊሑ፡፡

ሮዶልፎ ጎመዝ ዝተባህለ ጋዜጠኛ፡ ኣብ ናይ ውልቁ ቻነል ኣብ ዘርገሖ ቪድዮ፡ ንነይማር ተሳዒልዎ እዩ፡፡ ንሱ "ነይማር፡ ወልፊ ናይ ዊስኪን ሓዪሊ ዝሁብ ማስተን ኣለዎ፡፡ ሺሻ ይስሕብ፡ ምሸት ጌም ይጻወት፣ በቃ 4 ክሳብ 5 ወጋሕታ እዩ ዝድቅስ፡" ክብል እዩ ዘርጊሑ፡፡

እቲ ጋዜጠኛ ቀጺሉ፡ ነይማር ብሰንኪ ኢጋጠምዎ ዘሎ መጉዳእቲ ዳግማይ ኣብዝን ተረፈን ዘለዋ ኣዋርሕ እዚ ዓመት ከም ዘይጻወት ብምግላጽ፡ "ብሰንኪ ኣብ ለይቲ ዘዘውትሮ ባህሪያት፡ ንደቂ ጋንታኡ ጸልዩዎም እዩ፡ ናይ ልምምድ ግዜ ብሰንክኡ ንድሕሪት ይጉተት፣ መታን ከርክቡ፡" ኢሉ፡፡ ሓዲሽ ዓላሚ እዛ ጋንታ ኩዋን ፓብሎ ድማ፡ ነዚ ጉዳይ ብዘዘዋዋሪ ወይ ዘይቀጥታዊ መንገዲ መታን ከቃልዕ፡ ነቲ ናይ ልምምድ እዋን መሊሱ ዝያዳ ኣቐዲሙ ክሰርዖ ይሓስብ ምህላዉ'ውን ሓቢሩ፡፡

ብዘርባ እዚ ጋዜጠኛ ዝተቖጥዐ ነይማር፡ ብመንገዲ ወከልቱ ኣቢሉ ድማ ክሲ ማስራቱ ምህላዉ ተሓቢሩ፡፡

ብሰንኪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ ብርክት ዝበሉ ጸወታታት ዝሰኣረ ነይማር፡ ብ18 መስከረም ኣብ እዋን ልምምድ ናይ ጭዋዳ መጉዳእቲ ስለ ዘጋጠሞ፡ ክሳብ ወርሒ ሕዳር ካብ ጸወታ ክእለ ይግመት፡፡

## ሊቨርፑል፣ መሃያ ናይ'ቲ ብሓደጋ ዝሞተ ዲያጎ ጆታ ንስድራቤቱ ክትከፍሎ ወሲና



ወሰንቲ እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል፡ ውዕሉ ናይ'ቲ ብሞት ዝተፈልየም ተጻዋታዮም ዲያጎ ጆታ ብምኽባር፡ ንስድራ-ቤቱ መሃያኡ ክኸፍልዎም ምዃኑ ገሊጾም፡፡

ጆታ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ኣብ እስጳኛ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ሓደጋ መኪና፡ ምስ ሓዉ ምማቱ ይዝከር፡፡ እዚ ፖርቱጋላዊ ኣጥቃዓይ፡ ምስ ክለቡ ሊቨርፑል፡ ናይ ክልተ ዓመታት ተረፍ ውዕል ነይርዎ እዩ፡፡

ወሰንቲ እዛ ጋንታ ድማ፡ ንበዓልቲ ቤቱን ሰለስተ ደቆምን ብምርኣይ፡ ዝተረፈ ውዕል ኣኽቢሮም ክኸፍልዎም እዮም፡፡

ጆታ፡ ሰሙናዊ 140 ሽሕ ፓውንድ ይኽፈል ምዃኑ ይሕበር፡፡ ዝተረፈ ናይ ክልተ ዓመታት ተረፍ ውዕል ከኣ፡ ኣስታት 14 ሚልዮን ፓውንድ ይጽብጽብ፡፡

## ማን ዩናይትድ ተሳዒራ

### ኣሞሪም፣ ኣሰር ዝተባረሩ ዓለምቲ ይስዕብ ዶ ይኸውን?

ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ትማሊ ናብ ብሬንትፎርድ ተጓዒዛ ኣብ ዘካየደቶ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ፡ ሕፍረት ተኸልኪባ ወጺኣ፡፡

ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመተስፖርት ንዩናይትድ ኣብ ሜዳኣ ዓዲማ ክትስዕራ ዝተኣገመት ብሬንትፎርድ፡ ትማሊ ብኢጋኡ ኣብ ሻሙኣይቲ ደቒቕ ብመንገዲ ኢጎር ቲያጎ መራሕነት ዘትሓዘት ሾቶ ኣመዝጊባ፡ ቲያጎ ድሕሪ 12 ደቓይቕ'ውን፡ ንመጥቃዕቶም ክጸውሮ ዘይከኣለ ማስመር ምክልኻል ዩናይትድ መሊሳ ደኺሙቱ ዘብርሃት ሾቶ ኣመዝጊቡ፣ 2-ብ0 መሪሓም፡፡

ዝሓለፈ ሰሙን ኝቸልሲ ስዒራ ትንፋስ ዝሸኸዐት ዝተባህለት ዩናይትድ፡ ኣብ መበል 26 ደቒቕ ካብ በንጃሚን ሸሽኮ ናብ ጸወታ ዝመለሰታ ሾቶ ኣቚጺራ፡፡ እታ ሾቶ፡ ንሸሽኮ ማልያ ዩናይትድ ለቢሱ ዝኣተዋ ቀዳመይቲ ሾቶኡ እያ፡ ንስረፍቲ ከኣ 2-ብ1 ወጺኦን፡፡

ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ዩናይትድ፡ ወጽኢት ከተመዓራሪ እትኽእል ዝበረት ፍጹም ቅላዕ ረኺባ ነይራ፡፡ ብሩኖ ፈርናንደዝ ግና፡ ክመዝግባ ኣይከኣለን፡፡ ብመጨረሻ ኣብ መበል 95 ደቒቕ ተጻዋታይ ብሬንትፎርድ - ጆንሰን፡ ብቕልጡፍ መልሰ መጥቃዕቲ ናብኡ ንዝመጸኣት ከዕሶ ካብ ግዳም ኣትሪሩ ብምህራም፡ ብልጽቲን መዛዘሚት ሾቶ ኣመዝጊቡ፣ 3-ብ1 ድማ ተዓዊቶም፡፡

ብሬንትፎርድ፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ዓመተ-ስፖርት እያ፡ ኣብ ሜዳኣ ንዩናይትድ ትስዕራ ዘላ፡፡

እዚ ወጽኢት፡ ኣብ ጸቕጢ ንዝርከብ ዓላም ማን ዩናይትድ - ሩበን ኣሞሪም፡ ኣብ 'ርእሲ ዘሎታ ተወሰኺታ' ኮይንዎ ኣሎ፡፡ መንበር ስልጣኑ ነቓንቕ ዘሎ፡ ክጽኦኡ ከኣ ምናልባት ኣሰርቶም ካብ ክለቦም ዝተባረሩ ኑኖ ኢስፕሪቶን ግርሃም ፖተርን ዘሰዕቦ ክኸውን ከም ዝእኽል ብኢጋኡ ይግመት፡፡

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብዚ ወቕቲ ካብ ብሬንትፎርድ ናብ ዩናይትድ ዝተጸንበረ ብርያን እምቡሞ፡ ንፈለማ ግዜ ኣንጻር ናይ ቀደም ጋንታ ተጻዊቱ፡፡

## መደብ ጸወታ

### ሎሚ

**ፕሪመር ሊግ**

ኣስቶን ቪላ - ፉልሃም 4፡00 ድ.ቀ

ኒውካስል - ኣርሰናል 6፡30 ድ.ቀ

**ላ'ሊጋ**

ባርሴሎና - ሪያል ሶሴዳድ 7፡30 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ኤሲ ሚላን - ናፖሊ 9፡45 ድ.ቀ

### ጽባሕ

**ፕሪመር ሊግ**

ኤቨርተን - ዌስት ሃም 10፡00 ድ.ቀ

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ በራኺ<br>ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን<br>ፋርማሲ ካተድራል | 28/09/2025 | ከባቢ ፊያትታሌሮ ፊት ቶታል መዐደሊ ነዳዲ<br>ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኢምፐሮ<br>ጎደና ዶጎሊ 171-65 ከባቢ ኣልፈርማየ ጥቓ እንዳ ኦርሲ ጋራጅ | 07147264<br>120253<br>127188 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ    ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services